**መልቀስ**
**ወየ!!!!ወየ!!!ወየ!!!!**

ወየ!!! ኣነ!!!! ወየ!!!ኣነ!!! ወየ ኣነ!!!!
እንታይ ሰማዕኩ ሎሚ ቕነ
እንታይ ተረኽበ ሎሚ ቕነ
ኣንታ ኣነስ ሓወይ እምበር!! ስኢነ!!!!

ዶክተር ሃብተ ወዲ ጎመራ
ንመን ገድፍካሉም ወዮ! ኤርትራ
ዝኹሉ ጽዒርካ፡ ዘይብሉ ሽጣራ
ንባርነት ዝስይሙ፡ እናበሉ ሓራ
ኣውረስካዮምዶ! ንደቂ ኣስመራ
ነዞም ጠላማት እንስሳ ብዘይጬራ
ሃብተ ሓወይ ብዓል ድርብ ጭማራ
ኣላኮ ሃገርና ኣይወጸትን ሓራ።

ተማሃራይ ሃብተ ክዝክሮ
ባሪቖ ዝባርቕ ቅድሚ ምህሮ
መጻሕፍቲ ኣብ ሳንጣ ዝጸሮ
ንፊደላት ቀልጢፉ ዝቖጽሮ
ሓለንጋይ ብዓል ዓቢ ኣእምሮ
ሓረር ዝሓድር ንኣስመራ ዝሰግሮ።

ኣብ ዩጎዝላቭያ፡ ኮይኑ ተማሃራይ
ኣይግዛእን ዝበለ ፡ፓስፖርት ደርባያይ
ንባርካ ዝወረደ፡ ዶክተር ተጋዳላይ
ተቓላሳይ ኤርትራ፡ ላዕላይ ታሕታይ
ንበይነይ ዘይብል መከራ ምስ ብጻይ
ዘይዓጽፍ ቃሉ ቀደም ኮነ ዳሕራይ
ዓለም ወዲእዋ ብጻይ ተጋዳላይ።

መን ይመርጾ ምኧን ኤርትራዊ
ዝተወልደ፡ ይጥበስ ናብ ሓዊ
መዛዘሚ ዘይተረኽበ ንኹሉ ዘእዊ
ሓደ ተሳኢኑ፡ ንህዝቡ መርሃዊ።

ዶክተር ሃብተ ብዓል ዓድኧላ

ኣብ ሕምብርቲ ዝውለድ ኣብ ማእከላ
ጎይታ ኢለ፡ ዓተር፡ ብርስን ምስ መሸላ
ወዲ ማይላፎ፡ ማይጸ ዕዳ ብዅላ
ኣብ ኩሉ ትዋሰብ ደጋ ኮነ ቖላ
ኣብ ዝዓርፍካሉ ቤተ ሰብ ሓሊፋላ
መልክዔኛ ለይለይ ከም መሸላ
ታሪኽካ ጽቡቕ እዩ ህዝቢ ኮሪዓል።

ዶክተር ሓወይ ኣብነት ናይ ብዙሓት
ብምኻንካ ተጋዳላይ፡ ዝሰምዑ ብዙሓት
ብስምካ ኣንጊሆም ገስገሱ ጊሓት ጊሓት
ንሕዝቦም ከድሕኑ፡ ካብቲ ንዝነበረ መዓት
ዘይተጸበይዎ ገጠሞም፡ ዝገደድ ክድዓት።

ዶክተር ሓወይ ሕማም በርቲዑካ
ከቢድ ኮይኑ ኣጽኒዑ ካብ ሓዚካ
መጨረስታ ሞት ኣብ ከይተርፈካ
ቃንዛ ተደሚሩ ዓለም ኣጽሊኡካ
ተጋዲልካ፡ ብዙሕውን ጽዒርካ
ዝተረፈ የልቦን ጣዕሳ ከይሓድረካ
ኩሉ ይቃለስ ኣይከውንን ከምናትካ
ኣብ ዓለም ዝግበር ኩሉ ኣማሊእካ
ጸዋዒት ካብ ኮነ ኣኺሉ ሰዓትካ
ኣርኪብካዮም ስዉኣት ብጾትካ
የዕርፍ በል ሕጂስ ይኣኽለካ
ብየማናይ ኢዱ ክርስቶስ ይቀበልካ።

ንዝዓበይኑ ዝነኣሱን ኩሉም ስድራቤት
ጽንዓት ይሃብኩም።
ተኻፋሊ ሓዘን
ሓውካን መጋድልትኻን
**ሃይለ ገብረትንሳኤ**
ዘብሄረ ሰራየ ኢንድያናፖሊስ ኢንድያና
14 ጥሪ 2017